መኻን ኣይኮነትን ሃገርና ኤርትረያ
ኣብ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ተሰሪሑ ቅያ
ቪቫ ብደለይቲ ፍትሒ ክበርህዩ ጻሓያ;;

ኣብቲ ሰፈር ጀጋኑ እንባ ቃሓይቶ
ኣብ እግራ ትርከብ ከተማ ንእሽቶ
ሻንብቆ ወርቂ ታሪኽ ሐላይ ደጊማቶ;;

ሰሚዕኩም ዶ በዓል ኮንቶ መንቶ
ሕብሮም ዝለዋውጡ ክም ነፋሒቶ
ኣውሊዔይ መለይ እታ ትፍቶ
ንከተማ ዓዲ ቀይሕ ርግማ ሂባቶ;;




መለይ ሰሚዕኪ ዶ ወረ
ኣብ ኣስመራ ዝተጨደረ
ብጉጅለ ኣርዮስ ዝተዘወረ
ተደምረናል ክም ዝተዘመረ;;

መልሲ ንተደምረናል ንዝብል ኣዛራርባ

ካብ ራስ ቁሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ ብዓጀባ
ኣይቃልናን ኢሎም ኤርትራዊያን እንዳባ
ሎሚ እንቢ ንውዲት ጽባሕ ብእምኒ ብዳርባ;;

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝጀመረ ኩዳ
ጭርናዕ ጓላ ምስ ወዳ
ኣብ ኣስመራ ኣኹዲዳ;;

ኤርትራዊያን ዶ ኣምሐራ
ተደመር እንዳበልካ ጭደራ
ተጋሩ ዶ ደቂ ኤርትራ
ተዛረቢ እባ ኣስመራ;;

ተቃወምቲ ጥራይ ዘረባ
ከም ቀደማ ሩት ጓል ሰግር ሩባ
ገዛና ኣትያቶ ብክንደይ ዓጀባ;;

መለይ ግና ከምቲ ኣመልኪ
እንብለይ ኣይድመርን ኢልኪ
ሻንብቆ ወርቂ ታሪኽ ቀደምኪ
ከምቲ ናይ ሐላይ ደጊምኪ
ኣብ ዓዲ ቀይሕ ኣንበልቢልኪ;;

ክልተ ጎራሒት ሓሙኹሽቲ ስንቆም

ኣቐዲሞም ምዝሙር ሰላም ሽም ሂቦም

ብኤርትራን ኢትዮጵያን ተዋዳዲቦም

ህዝቢ ኤርትራ ኣይትተሃመለሎም

ሕልሚ ቀደሞም ከይሰምረሎም;;



ስዉር ዕላማ ኣለዋሃ ምላሽ

መተካእታ ኣንድነት ብላሽ

ብሰላም ኣመኽኒኻ ህዝቢ ንምቕሻሽ

ሃገር ክሸጡ ቀይሕ ምንጻፍ ምፍራሽ;;

ጭፍራ ህግደፍ ሰብ ኣበር

ንስግር መረብ መን ክድመር

ዓዲ ጀጋኑ ሰብ ኣለዋ እዛ ሃገር

ኣብ ዘዘለናዮ ሰላም ንግበር እንበር

ሓሊምናዮ ኣይንፈልጥን ክንጽንበር;;

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑሩር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ «፡